ኤጀንስ ንግድን ሰደድን ክልል ትግራይ ኣቅሑት ኤሌክትሮኒክስ ብብርኪ ክልል ብግልፂ ጨረታ ክዕድግ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰንበት ሚያዝያ 13, 2016 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሚያዝያ 29, 2016 3:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:10000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሚያዝያ 29, 2016 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/

1 በቲ ዘፈር ናይዚ ዘበን ዝተሓደሰ ሕጋዊ ፈቃድ ንግዲ ከቅርብ ዝክእል

2 መለለይ ቁፅሪ ከፋሊ ግብሪ ዘለዎ ወረቀት ምስክር እዉን ከቅርብ ዝክእል

3 ንተወሳኪ እሴት ታክስ ዝተመዝገበ ኮይኑ ናይ ተወሳኪ እሴት ታክስ ወረቀት ምስክር ከቅርብ ዝክእል

4 ናይ ወርሒ ጥቅምቲ እስካብ ታሕሳስ 2016 ዓም ናይ ተወሳኪ እሴት ታክስ ግብሪ ሒሳብ ዘፍለጥሉ መረዳእታ ከቅርብ ዝክእል

5 በቲ ዘፈር ናይ መቅረባይነት ዝተመዝገበ ምካኑ ናይዚ ዘመን ዝተሓደሰ ወረቀት ምስክር ከቅርብ ዝክእል

6 ተጫረቲ ንዝተዳለወ ዝርዝር መምርሒ ጨረታ ሰነድ ጨረታን ዘይምለስ 100 ቅርሺ ብምክፋል ካብ ኤጀንሲና ዳይሬክቶሮት ዳይሬክተር ዕድጋ ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረትን ቁፅሪ ክፍሊ 10 ካብ 11/8/2016 ዓም ክሳብ 28/8/2016 ዓም ኣብ ዘሎ ግዝያት ኣብ ስራሕ ሰዓት ብኣካል ብምቅራብ ምዉሳድ ይክእሉ

7 ዝቀርብ ናይ ጨረታ መወዳደሪ ሰነድ ዋና ቅዳሕን ነንበይኑ ብሸምዒ ብዝተዓሸገ ኢንሎፕ ወይ እዉን ፖስታ ኣብ ልዕሊኡ ድማ ናይ መቅረባይ ምሉእ ስም ናይቲ ትካል ኣድራሻ ስልኪ ቁፅሪ ናይ ምንታይ ዓይነት ጨረታ ምካኑ ስም እቲ ቤት ዕዩ ክሕበር አለዎ

8 ተጫረቲ ዘትሕዘዎ መከበሪ ጨረታ 10000 / ዓሰርተ ሽሕ / ቅርሺ ብሸም ኤጀንስ ንግድን ሰደድን ክልል ትግራይ ብጥረ ገንዘብ ወይ እዉንብስፒኦ ናብ ዝተዳለወ ናብ ቤት ዕዩና ሳንዱቅ ጨረታ ቅድሚ ምክፋቱ ከቅርቡ አለዎም

9 ኣብቲ ጨረታ ሰዓራይ ዝኮነ ተወዳደሪይ ዝዓሮ ንብረት ብናይ ባዕሉ መጎዓዝያ ናብ ክፍሊ መክዘን ቤት ዕዩ በቲ ዝተሓተተ ፅሬትን መጠን ከቅርብ አለዎ

10 እቲ ጨረታ 29/8/2016 ዓም ሰዓት 3:30 ቅድሚ ቀትሪ ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 4:00 ኣብ ኤጀንሲ ንግድን ሰደድን ክልል ትግራይ ፊት ንፊት ሆቴል ሰናይ ዘበን ህንፃ ካልኣይ ደብሪ ኣብ ዳይሬክቶሮት ዳይሬክተር ዕድጋ ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረትን ቁፅሪ ክፍሊ 10 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዘለዉሉ ዝክፈት ኮይኑ ተጫረቲ በዘይ ምርካቦም ጨረታ ምክፋት ኣይተኣጎልን

11 ተጫረቲ ዝምለእዎ ዋጋ ናይ ተወሳኪ እሴት ታክስ ተወሳኪ ግበሪ ዝሐወሰ ክከዉን አለዎ ተዘይኮኑ ተወሳኪ እሴት ታክስ ከም ዝሐወሱ ርዱኡ ተገይሩ ይዉሰድ

12 ዋጋ ፀኑዑ ዝፀንሐሉ ግዘ ጨረታ ካብ ዝተከፈተሉ ዕለት ጀሚሩ ን40 መዓልቲታት ይከዉን

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

13 ኤጀንሲ ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

14 እቲ ጨረታ ምስተከፈተ ናይ ዝግዛእ ንበረት ዓቀን ወይ እዉን ዋጋ ከምእድላይነቱ ካብ ነብስወከፍ ኣቅሓ ክሳብ 20 ሚእታዊ ክዉስከ ወይ ክቅንስ ይክእለ እዩ

15 ሰዓራይ እቲ ዘቅርቦ ንብረት ብበዓል ሞያ ተፈቲሹ ትክክለኛነቱ ምስተረጋገፀ ጥራይ ኣታዊ ይከዉን

ንተወሳኪ ሐበሬታ 0342406363 / 0914725684 / 0914030069

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle